ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ንሓደ ደምበ ተቓውሞ ክልተ ደምበ ከተምስሎ ምፍታን
# ምኽንያታውን ሓላፍነታውን ኣይኮነን።

ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ክልተ ደምበ ተኸፊሉ ይርከብ። ደምበ ጸላእን ደምበ ፈታውን ድማ ይበሃል። ደምበ ጸላኢ እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ገዛኢ ምስ ኩሎም ናይ ጥፍኣት ትካላቱን ማሕበራቱን ማለት፡ ብሓይልታት ምክልኻል ዝፍለጡ እኩባት ሰብ ብረት፣ ብሃገራዊ ድሕነት ዝጽውዑ ንድሕነት ስልጣን ሓደ ሰብ ዝከላኸሉ ቀተልቲ፣ ብኣምባሳደራት ዝፍለጡ ቀንዲ ዋኒኖም ምእካብ ናይ ወጻኢ ሸርፍን ኮንትሮባንድን ዝገበሩ ልኡኻት፣ ብማሕበረ ኮማት፡ ኣባላት ህግደፍ፡ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ (ስነ-ጥበብ)፡ ኣክቲቪስት፡ ሃማመተኤ፡ ሃኮሰኤ፡ ሃማደኤ፡ ዋልታ ሃገር፡ 4ይ ግንባር ….ወዘተ ዝብል ቁጽርጻር ኣስማት ዝጽውዑ'ዮም። እዚኦም ከም ትካላትን ማሕበራትን ደጋፍን ጸላእን ኢልካ ትፈልዮም ዘይኮኑ፡ ብሓደ ሰብ ኢሳያስ ዝተሰርሑ፡ ብኡ ዝምርሑን ብሳንቡእ ዘተንፍሱን ተጠቓሊሎም ደምበ ጸላኢ'ዮም።

ደምበ ፈታዊ፡ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎም ብደምበ ጸላኢ ዝተመንዘዐ፡ ነዚ ናብ ንቡር ንምምላስ ብዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፣ መልክዕ ውደባ፣ ብሓባርን ብተናጸል ዝቃለሱ ዘለው፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሰልፍታት፡ ምንቅስቓሳት፡ በርጌስ ማሕበራት፡ ትካላት ሚድያ፡ ስነ-ጥበብ ዝሓቆፈ መሰረታዊ ለውጢ ዝጠልብ ደምበ እዩ። እዚ ደምበ'ዚ ዋላ በበይኑ ኣረኣእያን ውደባን ይሃልዎ ብመንጽር ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕን ኣንጻር እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ጸላኢ ዘካይዶ ዘሎ ቃልስን ብሓደ ደምበ'ዩ ዝስራዕ። ኣብ'ዚ ሓደ ደምበ ዘጋጥም ዘይመሰረታዊ ጉድለታት፡ ዘይናቱ ብምሃብ ብጸለመ ዘይኮነ ብጭብጢ፡ ብስምዒት ዘይኮነ ብንቕሓት ብርድኢት ካበይ ይብገስ፡ ብኣረኣእያ ድዩ ብተግባር? ብመደብ ድዩ ሰኣን ዓቕሚ? ኣጽኒዕካ ናብኡ ቀሪብካ ምእራሙ 'ምበር ሃገራውን ዘይሃገራውን እናበልካ ነቲ ሓደ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ክልተ ንምስንጣቕ ድሑር ጎስጓሳት ምክያድ ቅኑዕ ኣይኮነን።

ኣብ ደምበ ተቓውሞ ጠንቂ ናይ'ዚ ብሃገር ደረጃ ተኸሲቱ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ባህላዊ ውድቀት መን'ዩ ኣብ ምንጻር መሊኡ ዘይጸረ ኣረኣእያ ከም ዘሎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ብፍላይ ምስቲ ብዶብ ዝተመኽነየ ኣብራሲ ኲናት 1998፡ ከምኡ'ውን ብሕስድና ኢሳያስ ካብ ወርሒ ሕዳር 2020 ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ኢልካ ዝተፈጸመን ዛጊት'ውን ዝቕጽል ዘሎን ኩሉ ሽንኻዊ ዘስካሕክሕ ናይ ምጽናት መደብ፡ ሚዛን ሓቂ ኣብ ምሕላውን ዘይምሕላውን ዝተፈላለየ ርእይቶ ተፈጢሩ ኣሎ። እቲ ሓደ ብኣዝዮም ውሑዳት መደናገርቲ ዝውከል ብጉልባብ ምኽባር ልኡላውነት ሃገር ንጸረ-ህዝቢ ኣረኣእያን ፋሽሽታዊ ተግባርን እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ጸላኢ ዘተባብዕ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብሓሶት ከበርኽን ከኽብርን ዝሕልን ዘራጊቶ'ዩ። እቲ ካልኣይ ንብዙሓት ዝውክል ኮይኑ፡ ንጸረ-ህዝብን ፋሽሽታዊ ተግባራትን ጸላኢ ብጭብጥን ብተንታንን ኣደጊፉ ብምኹናን ንሱ ዝገብሮ ኩሉ፡ ንሱ ከም ዝሕተተሉ ብምንጻር፡ ንህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ብሓቅን ብፍትሕን ከኽብር ዝቃለስ ዘሎ ቅኑዕ ርእይቶ'ዩ።

እቲ ብጉልባብ ልኡላውነት ሃገር፡ ብዓይኒ ዕሙት ንተግባራት ጸላኢ ዘተባብዕ ሸነኽ፡ በዚ ዝስዕብ ሰለስተ ነጥብታት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘራጊ ተራ ይጻወት ኣሎ።

**ቀዳማይ፡ ኣግኣዝያን ንዝብል መቓልሕ ምኽንያት ገይሩ ዘካይዶ ጎስጓስ ብዝምልከት፡-** ንህልውናን ልዕልናን ትግራይ ትግርኚ ዝጣበቕ፡ ነቶም ካብ ትግርኛ ወጻኢ ዘለው ብሄራት ኤርትራ ንምጥፋእን ሃገረ ኣግኣዝያን ንምፍጣርን ዝዓለመ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ። ስለዚ ከኣ ድሕረ ባይታኹም ካብ ቋንቋ ግእዝ ወጻኢ ዝኾንኩም ብሄራትን ሃይማኖትን ኤርትራውያን

ንቕሑ፡ ናትኩም ፍሉይ ምትእኽኻብ ግበሩ። ኣብ ዘይዳስኩም ኣይትጸምበሩ ዝብል ጎስጓስ የካይዱ ኣለው። ሓቂ'ዩ ሃገረ ኣግኣዝያን ክንወልድ ኢና ዝብል መቓልሕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ይስማዕ'ዩ። እዚ መቓልሕ'ዚ ግን ናይ መን'ዩ? ኣብ ባይታ ማሕበራዊ መሰረት ዘለዎ ድዩ? ዘዛርብ (ዘሰክፍ) ውድብ ሓይሊ ድዩ ወይስ ናይ ውልቀ ሰባት? ዝብሉ ሕቶታት መሰረት ጌርካ ክፍተሽ እንከሎ፡ ሕቖኻ ሂብካዮ ናብ ቀንዲ ሓባራዊ ዋኒንካ ትኸይድ መሰረት ዘይብሉ ሕሱር መቓልሕ ስለ ዝኾነ ዘሰክፍ ኣይኮነን። ንኣብነት ምስ'ዚ ኣግኣዝያን ዝብል መቓልሕ ተደጋጊሙ ስሙ ዝለዓል ኢዮብ በርሀ (ተስፋ ጽዮን) ዝተባህለ ሰብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ 2024 ኣብ ተፈታዊ ሜድያ ቀሪቡ ከምዘረጋገጾ፡ **<u>ኣግኣዝያን ኣካል ደምበ ተቓውሞ ዘይኮነ</u>፡ <u>ኣብ ማህጸን ዘቤታዊ ጸላኢ ከም ዝተጠንሰ</u>፡ <u>ኣብ ከተማ ኣስመራ ከም ዝተወልደ</u>፡ <u>ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዘቤታዊ ገዛኢ ኮፍ ኢሎም ከም ዝተዘራረብሉ</u>** ገሊጹ እዩ።

ኢዮብ በርሀ (ተስፋጽዮን) ቀጺሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ካብ በሃሊኡ ደጋሚኡ መታን ከይኾነና ኣብ ዝርዝር ነጥብታት ከይኣተና፡ ኣግኣዝያን ኣካል ኣምሳል ዘቤታዊ ጸላኢ ከም ዝኾነ፡ ካብ ጸላኢ ኩሉ ሽንኻዊ ደገፍ እናረኸበ፡ ከም ዘርኢ ሽንፋእ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርነዓት ተበቲኑ ኣድህቦ ደምበ ተቓውሞ ንምክፍፋል ውሕውሕ ዝብሉ ውልቀ ሰባት'ምበር ኣብ ብሄራት ኮነ ሃይማኖታት ኤርትራ ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይ መሰረት ከም ዘይብሉ'ዩ ኣመልኪቱ። ኣነ ናይ ኣግኣዝያን መራሒ ስነ-ሓሳብ'የ ዝብል ኢዮብ በርሀ (ተስፋጽዮን) ኣብ መግለጺኡ ዘይጸረፎ፡ ከነጥፈኦ ኢና፡ ክንድምስሶ ኢና ዘይበሎ፡ ዘዋረዶ፡ ዘየቆናጸቦ፡ ሃይማኖት፣ ብሄር፣ ኣውራጃ፣ ከባቢ፣ ውልቀ ሰባት የለን። ኣካል ኣምሳል ዘቤታዊ ጸላኢ ምዃኑ ድማ ብዘይቀጥታዊ ኣገባብ ኣረጋጊጹ ኣሎ። ስለዚ ከኣ እቶም ነዚ ከምዚ ዝበለ፡ ምንጩ ካብ ጸላኢ ዝኾነ፡ ንሕና ኣግኣዝያን ኢና፡ መንነታውያን ኢና ብዝብል ዝንዛሕ በላቤሎ ምኽንያት ብምግባር፡ ሓለይትን ተሓለቕን ሓደ ወገን ብምምሳል፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘራጊ ፕሮፖጋንዳ ዘካይዱ ወገናት ዓገብ ኣካይዳኹም ኣርሙ ክበሃሉ ይግባእ።

**ካልኣይ ትግራይ ትስዕር ኢሎም ዝብል ብዝምልከት፡-** ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ተደጋጊሙ ከም ዝተገልጸ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ንህዝቢ ትግራይ ኣይወረረን። ንብረቱ ኣይዘመተን። ሓድግታቱ ኣየብርሰን። ህዝቢ ትግራይ'ውን ከም ህዝቢ ትማሊ ይኹን ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይወረረን ኣይዘመተን። ስለዚ ሓደ ንህዝቢ ኤርትራ ብራዕዲ ዝገዝእ ዘሎ ሓይሊ ብስም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዝፈጸሞ ፋሽሽታዊ ናይ ምጽናት መደብ ምኹናን፣ ኣብ ጎኒ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ኣለኹ ማለት ብግዜ ዘይበሊ ቅኑዕ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ መርገጽ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ ኩናት'ዚ ኢድ ከም ዘይብሉ፡ ብታሪኽ ተሓታቲ ከምዘይኮነ ዘረጋግጽ ደኣምበር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሕፍርን ዘዋርድን መልእኽቲ የብሉን። ህዝቢ ትግራይ ንዘገጠሞ ናይ ጽንተት ሓደጋ ብምክልኻል ህልውናኡ ንምርግጋጽ ኣብ ዘካየዶ ቃልሲ ትግራይ ትስዕር ማለት ኣብ ቦትኡ'ዩ። ምኽንያቱ ኤርትራ ትሰዓር ትግራይ ትስዕር ዝብል ትሕዝቶ የብሉን።

ስለምንታይ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራ ኣይተዋግኡን። መንግስቲ ትግራይን ህወሓትን ዶብ ኤርትራ ሰጊሮም ንህዝቢ ኤርትራ ኣይወረሩን። ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ፡ **ዶብ ሰጊሩ ወያኔን ኣተሓሳሰባኡን ብፖለቲካዊ ሕጽቦ ክጠፍኡ ኣለዎም። ጉዳይ ኢትዮጵያ ጉዳይና ስለ ዝኾነ ብምሉእ ዓቕምና ክንሳተፍ ኢና ኢሉ ብወግዒ ንዝኣተወን ንዝወረረ ዘቤታዊ ጸላኢ** ብህዝባዊ ቃልሲ ክሰዓር ኣለዎ፡ ብሕጊ ክሕተተ ኣለዎ ማለት፡ ብፖለቲካ፡ ብሕጊ፡ ብሰብኣውነት ኣብ ታሪኽ ንህዝቢ ኤርትራ ዘኹርዕ ዘሕብን 'ምበር ዘሕፍር ዘጥቅዕ ኢንታ የብሉን። ብኣካል ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብባህሪ ናብ ጸላኢ ቀሪብካ ነዚ ከም'ዚ ዝበለ ሃላሊ ፋሽሽታዊ ተግባር ምድጋፍ'ዩ ዘሕፍር። ንህዝቢ ኤርትራ ዘዋርድ። ብገበን ድማ ዘሕትት። ስለዚ ነዞም ንሕና ምስ መንግስትና እናበሉ ንደምበ ተቓውሞ ኣብ ምጥርጣር ከእትው ዝህቅኑ ዘለው ውሑዳት መደናገርቲ ህዝቢ ክነቕሓሎም ኣለዎ።

**ሳልሳይ፡ ንማዕበላዊ ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ ከም ስግኣት ምርኣይ ብዝምልከት፡-** ብርጌድ ንሓመዱ ግፍዒ ዝወለዶ ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ ዝተላዕለ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ'ዩ። ብርጌድ ንሓመዱ ብብሄር፡ ሃይማኖት፡ ኣውራጃ፡ ከባቢ ከም ዘይውከልን ከምዘይጽሎን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ፖለቲካዊ ውድብ ከምዘይኮነ፡ ፖለቲካ ንፖለቲከኛታት ዝብል ርእይቶ ከም ዘለዎ ብወግዒ ዝገልጸ፡ እንተተጋኔና ሓግዙና ኣተባብዑና ኢሉ ደጊሙ ዝምሕጸን ዘሎ ህዝባዊ ማዕበል 'ዩ፡፡ ብርጌድ

ንሓመዱ፡ ብተግባር ምስ ጸላኢ ገጢሙ ክቡር ዋጋ ከፊሉ፡ ንፋሽሽታዊ ተግባራት ጸላኢ ዘቃለዐ፣ ንወጽዓ ህዝብታት ኤርትራን ቃልሲ ደምበ ተቓውሞ ንማሕበረ ሰብ ዓለም ኣብ ምልላይ ኣወንታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ ኣካል እዩ።

ነዚ ከም'ዚ ዝበለ ተቓባሊ ሕድሪ ዝኾነ ብመንእሰያት ዝተዓብለለ ፖለቲካዊ ተርእዮ፡ ናብኡ ቀሪብካ ዝጎደሎ እናመላእካ ኣብ ክንዲ ምትብባዕ፡ ምድጋፍ፡ ብዓይኒ ሃገራዊ ሓደጋ ክረአ፡ ናይ ሓደ ወገን ከም ዝኾነ፡ ነቲ ካልእ ከም ዘይውክል ኣምሲልካ ብውሑዳት ዘረግቲ ዝካየድ ዘሎ ጎስጓስ፡ ነቲ ህዝባዊ ቃልስን ንውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ከም ዘይጠቅም ብንቕሓት ክስመረሉ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ምንቅስቓስ ኣግኣዝያን መጸካ፡ ትግራይ ትስዕር ኢሎም፡ ብርጌድ ንሓመዱ ናይ ሓደ ወገን'ዩ ዝብል ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ ኣጀንዳ ዘቤታዊ ጸላኢ ምትግባር'ዩ። ካብ'ዚ ከም'ዚ ዝበለ ከፋፋሊ ኣካይዳ ብቐጥታ ዝርባሕ ድማ ንሱ ዘቤታዊ ጸላኢ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ስለዚ ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ከም ዝበሃል እዚ ኣዕናዊ ተግባር'ዚ ከይሳዕረረ ክግራሕ ኣለዎ። ስለምንታይ'ሲ ንሓደ ደምበ ተቓውሞ ክልተ ደምበ ከተምስሎ ምፍታን ምኽንያታውን ሓላፍነታውን ኣይኮነን።

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)**

6 ነሓሰ 2024